
## › መርመራ ንመን ይምልከቶ?

- ዝኾነ ምስ ተሳባዒ ሕማም TB ዘሰዎ **ሕሙም ርክብ ዝነበርዎ ሰብ**.
- ብሰንኪ መዓልታዊ ንጥፈታቶም ወይ መነባብረኦም ወይ ስራሖም **ንሕማም TB ከማዕብሉ ተኽእሎ ዘለዎም ሰባት**።



## › እንታይ ዓይነት ሕክምና የድሊ?

**ኣብ ደረጃ ምልካፍ ብማለት በቲ ባክተርያ እንተተለኺፍና ጥራሕ (ዘይሓመምና ግን)**
እቲ ዶክተር ነቲ ሕማም ንኽይምዕብል መኸላኸሊ ሕክምና ንኽንክታተል ክገብር ይኽእል እዩ። ሕሙም ሰለዘይኮንና እዚ ሕክምናዊ ረድኤት ነቲ ዝተራእየ ረክሲ ንምፈዋስ ዘይኮነ ነቲ ሕማም ንመጻኢ ግዜ ንኽይምዕብል ንምግታእ እዩ ዝሕግዝ. መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መዓልቲ ሓደ ወይ ክልተ መድሃኒት (ጸረ-ነፍሳት - ኣንቲባዮቲክስ) ንወስድ (INH - Nicotibine® ወይ RMP - Rifampicine® ወይ ክልተኦም). እዚ መድሃኒት ን3 ክሳብ 6 ወርሒ ንወስዶ።

**ኣብ ደረጃ ሕማም ብማለት እንተደኣ እቲ ምልካፍ ጥራሕ ዘይኮነ እቲ ሕማም ተረጋጊጹ**
ክንክናኽን ኣድላዪ እዩ። እቲ ናይ ሕክምና ግዜ ነዊሕ ዘበለ እዩ። **ብውሕዱ ንሽዱሽተ ወርሒ** መዓልታዊ ዝተፈላለዩ መድሃኒታት (ኣንቲባዮቲክስ) ክንወስድ ኣለና. ብግቡእ መድሃኒታት ተኸታቲልና እንተወሰድና ዝበዝሑ ሰባት (ዳርጋ 100% ካብ ሕመምቲ) ብምሉእ ክንፍወስ ንክእል.



## ክትውከሱና ምስ እትደልዩ፥

ማሕበር ንሕማማት ምስትንፋስ
Fonds des Affections Respiratoires asbl

› **ኣድራሻ ማእኸላይ ቤት ጽሕፈት**
Rue Haute, entrée 290 - 807A
1000 Bruxelles
Tél.: 02 512 29 36 - Fax : 02 511 14 17
prevention.tuberculose@fares.be

› **ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት ምኽልካል ዓባይ ሰዓል (TB) - ብራሰልስ (Bruxelles)**
Tél.: 02 538 05 95
cpt.bruxelles@fares.be

› **ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት ምኽልካል ዓባይ ሰዓል (TB) - ሄኖ (Hainaut)**
Tél.: 071 31 35 04
cpt.hainaut@fares.be

› **ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት ምኽልካል ዓባይ ሰዓል (TB) - ሊየጅ (Liège)**
Tél.: 0474 57 16 98 / 0494 12 84 21 /0474 57 17 24
cpt.liege@fares.be

› **ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት ምኽልካል ዓባይ ሰዓል (TB) - ሉክሰምቡርግ (Luxembourg)**
Tél.: 0474 57 17 28
cpt.luxembourg@fares.be

› **ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት ምኽልካል ዓባይ ሰዓል (TB) - ናሙር ን ብራባንት (Namur et Brabant Wallon)**
Tél.: 0474 57 17 10 / 0476 96 28 27
cpt.namur-brabantwallon@fares.be

FARES
Fonds des affections respiratoires asbl


Plus d'infos sur
**www.fares.be**

vivalis.brussels INAMI Wallonie Relance AVIQ

Éditeur responsable : Pr. Van Vooren, FARES asbl. D/2020/5052/1
Illustrations : Christian Papazoglakis – Layout: www.cdcsasbl.be – 07/2026

TIGRINYA

# ብዛዕባ ሕማም ዓባይ ሰዓል (TB) ዘይትፈልጡዎም ሓበሬታታት



FARES
Fonds des affections respiratoires asbl

## › ሕማም ዓባዩ ሰዓል (ቱበርኩሎሲስ ወይ TB) እንታይ እዩ?

ሕማም ዓባዩ ሰዓል (ቱበርክሎሲስ ወይ TB) ብ 'Koch's bacillus' (BK) ብዝበሃል ማይክሮብ (ባክተርያ ማለቲ) ዝፍጠር እዩ።
እዚ ሕማም መብዛሕትኡ ግዜ ንሰንቡእና እዩ ዘጥቅዕ እምበር ሓደ ሓደ ግዜ ግን ንዝተፈላለዩ ክፋላት ኣካልና ክበጽሕ ይኽእል እዩ : ኣዕጽምቲ, ማዓናጣ, ኩሊት, ሓንጎል , ወዘተ...

## › መን እዩ በዚ ሕማም ክጥቃዕ ዝኽእል?


ናይ ሰንቡእ TB ተላባዒ ሕማም እዩ.



ዝሓመመ ሰብ ክዛረብ ወይ ክስዕል ወይ ክህንጥስ ከሎ እቲ ኣብ ውሽጢ ሰንቡኡ ዝጸንሐ ባክተርያ (BK) ናብ ኣየር ስለዝወጽኦ, እቶም ከባቢኡ ዘለዉ ሰባት ናቱ ባክተርያ ውን ክተንፍሱ ይኽእሉ.

ስለዚ ዝኾነ ሰብ ክልከፍ ይኽእል. እንተኾነ ግን ገለ ሰባት በቲ ሕማም ብቐሊሉ ኽልከፉ ይኽእሉ: ምስቲ ብዚ ሕማም ዝተልከፈ ሰብ ብቐጻሊ ርክብ ዘለዎም ሰባት, ንኣብነት ብሰንኪ ሰራሖም ወይ እውን ብሰንኪ መንብሮም.

## › ብTB ተልኪፍካ ወይስ ሓሚምካ? ምልካፍን ምሕማምን ኣብ ምንታይ ይፈላለ?



እቲ ባክተርያ (BK) ኣብ ሰንቡእና እንድሕር ኣተወ, መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ኣካልና ናይ ምኽልኻል ስርዓትና ነቲ ባክተርያ ይቀትሉ.

እቲ ባክተርያ ከይጠፍአ ኣብ ኣካልና እንተጸንሐ ግን, መብዛሕትኡ ግዜ 'ደቂሱ' ስለዝጸንሕ ሓደገኛ ኣይኮነን. ኣብዚ ደረጃ ኣይሓመምካን እምበር ተልኪፍካ ኣለኻ ጥራሕ.

ናይ ምኽልኻል ስርዓትና ጽቡቕ እንተዘይሰርሐ ግን (ብሰንኪ ዕድመና ወይ ብሰንኪ ድኻም ኣካልና ንኣብነት) ኣብ ዝኾነ ግዜ እዚ ባክተርያ ተበራቢሩን ተበዚሒሑን ሕማም TB ክንተሓዝ ንኽእል. ኣብዚ ደረጃ ምልካፍ ጥራሕ ዘይኮነ ሓማም TB እዩ.

ኣብዚ እዋን እቲ ሕማም ኣብ ሰንቡእና እንተሃለና እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ክንርኢ ንኽእል:

- ሰዓል
- ዓኽታ ኣብ ሰዓልካ (ሓደ ሓደ ግዜ ደም ዘለዎ)
- ድኻም
- ረስኒ
- ረሃጽ ኣብ ለይቲ እዋን
- ምጉዳል ክብደት/ሚዛን

**ከምኡ ዓይነት ምልክታት እንተሃለካ ቀልጢፍካ ናብ ሕክምና ክትከይድ ኣለካ!**



ሰዓል



ዓኽታ ኣብ ሰዓልካ (ሓደ ሓደ ግዜ ደም ዘለዎ)



ድኻም



ረስኒ



ረሃጽ ኣብ ለይቲ እዋን



ምጉዳል ክብደት/ሚዛን

## › ብኸመይ ሓደ ሰብ ብሕማም ዓባዩ ሰዓል፣ ቱበር ክሎሲስ፡ ከምተለኽፈ ነረጋግጽ?

'ቱበርኩሊን' ዝተብሃለ መርፍእ ብምውጋዕ በቲ ባክተርያ (BK) ተለኺፍካ ከምዘለካ ምፍላጥ ይከኣል እዩ. ድሕሪ ሰለስተ ወይ ሓሙሽተ መዓልቲ በቲ ውጽኢት መርመራ መሰረት ከኣ ምፍላጥ ይካኣል. እዚ መርመራ ከኣ 'ናይ ቱበርኩሊን ቆርበታዊ መርመራ' ተባሂሉ ይፍለጥ, ወይ ውን (ብናይ ቀደም ኣጸዋውዐ) 'ትሕተ-ቆርበታዊ መርመራ' ወይ 'ናይ Mantoux መርመራ' ተባሂሉ ይፍለጥ. እቲ ውጽኢት ከኣ ብክኢላታት ሓካይም ጥራሕ እዩ ክግለጽ ይኽእል. ኽውን ስለዝኽእል.

እቲ ውጽኢት ናይቲ መርመራ፣ ኣወንታዊ ምስ ዝኸውን፣ ራጂ ናይ ሰናቡእና ክንገብር ኣሎና። እቲ ውጽኢት ንቡር ምስ ዝኸውን፣ እቲ ሕማም ኣብ ዘገምታዊ ደረጃ ከም ዘሎ የመልክት። ግቡእ ሕክምና ንምውሳድን ቢከዩ ኣብ ጥፍጣፍና ከይህሉ ተወሳኪ መርመራ ፣ናይ ጥፍጣፍ መርመራ ክእዘዘልና ይክእል እዩ።